# መደረ ደክቶር ተስፋጽዮን መድሃኔ ካብ ምሁር ዘይትጽበዮ

## ክብሮም ግረነት

ደክቶር ተስፋጸን መድሃኔ ኣብ ፌስቲቫል ካስል ብዕለት 8/1/2009 ሓደ ንዊሕ ዝበለ መደረ ኣስሚዖ ነይሮም። ትሕስቶ መደረኦም ኣብ ገለ ሸነካቱ ግምታት ዝወሃቦ ክከውን እንከሎ ኣብ ገሊኡ ግን ካብ ሓቂ ዝረሓቀ ጭብጢ ዘይብሉ ሃተውተው ንናይ ገዛእ ርእሶም ስርሓት ካብ ናይ ካልኦት ኤርትራውያን ጻዕሪን ደካምን ዝበለጸ ገይሮም ከቅርቡ ፈቲኖም።

ብቀዳምነት ክፍለጥ ዘለዎ ንሕና ኤርትራውያን ነቲ ናይ 1952 ፈደረሽን ክፈርስ ፍጹም ናትና ድልየት ነይሩ ክብሃል ኣይካኣልን ፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ንማሕበር ኣንደነት ተጠምጥሙ ብሰለይቱ ከም ብዓል ዳዊት ወልደገርጊስ ገይሩ ነቲ ከም ማእከላይ ፍታሕ ኣቦታትና ዝተቀበሉዎ ፈደረሽን ዘፍረሰ። ድሕሪ ፈደረሽን ምፍራሱ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ናይ ምዕናው ባህልታት ኤርትራን ቁጠባን ተዋፊሩ፡ ቀጺሉ ነቲ ዝነበረ ዘይምርድዳእ ኣብ ከንዲ ብዘተን ምርድዳእን ዝፈትሖ "መሬት እምበር ህዝቢ ኤርትራ ኣየድልየንን እዩ" ብምባል ጦር ሰራዊት ሰብ ምቅታልን ዓድታት ምንዳድን ምቅጻልን መዓልታዊ ስርሑም ኮነ። ንሕና ኤርትራውያን መሬት ኤርትራ ንኢሱና መረብ ስጊርና መሬት ኢትዮጵያ ኣይወረርናን፡ ዓድታት ኣየቃጸልናን ስብ እውን ኣይሓረድናን ። ስለዚ ብኢትዮጵያውያን ኣብ ልዕልና ዝፍጸም ዝነበረ ዓመጺን ግፍዕን ክንምክት ብዘይ ድልየትና ብረት ዝዓጠቅና ከምቲ ኩሉና እንፈልጦ ድሕሪ 30 ዓመት መሪር መስዋእተነት ብዘይ ናይ እንካን ሃባን ውዑላት ጸላእትና ፅራርግና ናጽነትና ጨቢጥና። እዚ እቲ ሓቂ ኮይኑ ኣብ ውሽጢ እዚ 30 ዓመት ኩሉ ስናይ ነይሩ ፡ ጸገማት ኣይነበሩን ግን ማለት ኣይኮነን።

ኣብ 1986 ኣብቲ ጽንኩር መድረክ ፡ሰውራ ኤርትራ ጠፊኡ ወይ ደማ ሓቂቁ ኣብ ዝተባሃለሉ ግዜ እዮም እምበኣር ዶክቶር ተስፋጸን መድሃኔ ነታ ከላሽን ቁልቁል ኣፋ ደፊኦም ኡንኮ ፍታሕ ፈደረሽን እዩ ዝብል ጽሑፍ ከምዘቅረቡ ዝነግሩና ዘለው፡ ኣብ ባህልና ዝኮነ ነገር ቁልቁል ኣፉ ክድፋእ ናይ ጽቡቅ ድልየት ምልክት ኮምዘይኮነ ከም ምሁርን ተመራምሪን ደክቶር ተስፋጸን መድሃኔ ዝጠፍኦም ኣይመስለንን፡ ስለዚ ወያኔ ሓርነት ትግራይ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክዕወት እዩ ብምባል ነታ ብረት ትክ ኣቢሎም ዘቅረቡዎ ጽሑፍ ክምስገን እምበር ክኹነን ዝነበሮ ኣይኮነን፡ ክከውን ዝነበሮ ዶክቶር ተስፋጸን

ኣብ ክንዲ መለስ ዘናዊ እዩ ጽሕፉዎ እም እቶም ካልኦት ወየንቲ ኣይፈተዉዎን ኢልኩም ካብ ተነግሩና ንዓርስኹም ግንቦት 24/1991 መዓልቲ ናጽነት ደብኻ ምስ በለት ነታ ቁልቁል ኣፋ ዝደፋእኹምዋ ብረት ትክ ኣቢልካ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ይቕሬታ ክትሓቱ ይግበኣኹም ነይሩ።

ብተወሳኺ ዶክቶር ተስፋጽን መድሃኔ ኣብ መደረኦም ከምዚ ይብሉ"ኢትዮጵያውያን ሙሁራትን ተንቀሳቀስትን ምስ ወያኔ ዝምድና ዘይብሎም እዘን ኤርትራውያን ውድባት ዝገብረኦ ዘለዋ ናይ ምልቅላቅ ስርሓት የመዝግብዎን ይከተታተሉዎን ኣለው ፡ ጽባሕ ሳዕቤናት ክህሉዎ እዩ"፡ ፡እወ እቶም ኣንጻር ወያኔ ዝቃለሱ ትምክሕተኞታት ልዑላውነት ሃገርና ኤርትራ ዘይተውህሓጠሎም ከምዘለዉ ከይደቀስና ዝሓለምናዮ ጉድይ'እዩ ።ዶክቶር ተስፋጽን ንከምዚኦም ዝኣመሰሉ ብእታታት ኣብነት ገይሮም ንኤርትራውያን ተቓወምቲ ከፈራርሑ እንከለው ካብ ዝሓለፈ ታሪኽ ወራራት ሃይለ ሰላሴን ደርግን ዘይምምሃሮም ጥራሕ እዩ ዘብርህ ። ፍትሓዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ፡ እንተላይ ነቶም ኣብ ኢትዮጵያ ንዘመናት በዞም ተምክሕተኛታት ተጨኹኖም ዝነበሩ ብሔራት ንመሰሎምን ክብሮምን ዝተቓለሱ ንዋታውን ሞራላውን ሓገዝ ኣበርኪቱ እዩ።ሓደ ካባ ኣቶም ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝብ ትግራይ እዩ።

ኩልና ከም እንፈልጦ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ቐዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ብ1971 ኣብ ዘውጸኣቶ እዋጅ " ንሙሉእ ናጻነት ኤርትራ መተካእታ የብሉን ይብል" ነዚ መብጻዓ'ዚ ከኣ ህ.ግ.ሓ.ኤ ብ1991 ብዓወት ደምዲማቶ፡ ብተመሳሳሊ ህ.ወ.ሓ.ት እውን ንጉዳይ ኤርትራ ናይ መግዛእቲ ሕቶ እዩ ብምባል ህዝቢ ኤርትራ ነጻ ክወጺእ ብመትከል ተቀቢላ ኣብ ግብሪ ከኣ ተግቢራቶ ።ብሓጺሩ ናይ ክልቲኦም ውድባት ህግሓኤን ህወሓት መርገጽን ምስ ደልየትን ስነሓሳብ ፈደረሽን ድክቶር ተስፋጽን መድሃኔ ዝሳነ ሰነሓሳብ ዘይኮነስ ተጻራሪ እዩ። ብኣገላልጻ ደክቶር ተስፋጽን ኣብዚ" ሕጅ እቶም ናይ ህ.ግ. ዓበይቲ ካድረታት ብ1986 ዝቃወሙዎ ዝነበሩ ሕጂ ተጣዒሶም ኤርትራ ክትፍለ ኣይነበራን እናበሉ ጣዕሳኦም ይገልጽ ኣለው ፡ነዚ ጣዕሳ'ዚ እንዳጎሃዩ ንኢትዮጵያውያንን ንኣመሪካውያንን ይገልጽው ከምዘለው ብጽሑፍ ከይተረፈ ካብ ኣብ ኣመሪካ

ዘለው ዓበይቲ ምሁራት ተነጊሩኒ ኣሎ "ይብሉ። ዶክቶር ተስፋጸን ከም ሙሁር መጠን ናይ ካልእ ምንጭ ሓበረታ ክትጥቀሙ እንክሎኩም ምሉእ ሓበረታ ክወሃብ ኣለዎ ፣ ስለዚ ዝርዚር ኣቢልኩም ኣሽማት ናይዞም ሙሁራትን ካድረ ህግ ነብር ምስ ሕዝቢ እንተ ተፋላጥዎም ሓቅነት ናይ ኣባሃህላኩም ምተራጋገጸ ።

ዶክቶር ተስፋጸን መድሃኔ ቀጺሎም ነዘን ክሰምራ ትጽቢት ተነቢሩለን ዘሎ ውድባት ንእከይ ተግባራት ዝነቀላ ፣ ምስ መንግስቲ ኣዲስ ኣባባ ጹኑዕ ዝምድና ይምስረታ ከምዘለዋን ፡ ኣብቲ ህግደፍ ክገብሮ ዝብል ዘሎ ናይ 2011 ሃግራዊ ምርጫ ክሳተፋ ተክእሎ ከምዘሎ ይገልጹ ፣ ዝሀቡዎ ምክንያት እዘን ውድባት እዚኤን ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ማለት ሰላማዊ ዝኮነ ከም ዘተ ጽገና መሳሊ ስለ ዝኣምና ፡ብድሕዚ'ውን እቲ ናይ ትግራይ-ትግሪኚ መደብ ኣብ ግብሪ ከየውዕላ ብምባል ስጋእቶም ብምረት ገሊጸም ኣለው።ኢዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ሓቅነት ዘይብሉ ክስታት ኮይኑ ካብ ኩሉ ዝገረመኒ፡ ዶክቶር ተስፋጸን መድሃኔ ኣብ መእተዊ መደርኦም ናይ ህ.ግ. ፕሮፖካንዳን መናፍሒን ብምባል ገሊጸም ከብቁዑ ፡ሕጂ ተገምጢሎም የማነ ገብረኣብ (ማንኪ) ኣብ ሆላንድ ዝገበሮ ኣኼባ ኣብ 2011 ኣብ ኤርትራ ምርጫ ክግበር ምኽኑ ሓቢሩ ይብሉ፡ ኣብዚ ኩሉ ኤርትራዊ ከምዝፈልጦ ህግደፍ ኣብ ዘን ዝሓለፋ 18 ዓመታት ብኩሉ ዓቅምታቱ ማለት ካብ ናሽቱን ዓበይትን ካድረታቱ ናይ ዜና ማዕከናቱን ብዘካ ፍጹም ሓሶት ሓቂ ተዛሪቦም ኣይፈልጡን ፡ ብከመይ ድኣ ዶክቶር ሕጂ የማነ ሓቂ ይዛረብ ኣሎ ዝብሉና ዘለው? ባዕሎም ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቅ ኣብ ኣልጀዚራ ዝሃብዎ ቃለ ምልልስ ምርጫ ከምዘይግብርን እንተ ተግብረውን ድሕሪ 20 ወይ እውን 40 ዓመታት ምኳኑ ገሊጸም ነይሮም እንድዮም፡

ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ (ሰውራዊ ባይቶ ነበር) ናብ መቀለ ዑድት ኣካዱዶም ከምዝነብሩ ዝዝከር እዩ እዚ ብዶክቶር ተስፋጸን መድሃኔ ኣብ ልዕሊ ሰልፊ ህዝቢ ወሪዱ ዘሎ ግናይ ጸርፌታት ፣ ካድራት ሰልፊ ህዝቢ ኡኩልን ዝተርፍን ዓቅምታት ስለ ዝውንኑ መልሲ ንምሃብ ንኦኦም ይገድፎ፡ እታ ሓቂ ግን ክትበርህ ኣለዋ፡ ህ.ግ ደኣ ብዕሊ ኣይገለጸን እምበር ተጋደልቲ ህ.ወ.ሓ .ት ምስ ተግደልቲ ህ.ግ. ተሰሊፎም ንተ.ሓ.ኤ ከምዘጥቁዑ ማንም ሓላፍ መንገዲ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ፡በዚ ፍጻሜ 'ዚ ዘይጎሃየን ዘይሓዘነን ኣባልን ደጋፍን ተ.ሓ.ኤ ኣይነበረን፡ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ዶክቶር ተስፋጸን መድሃኔ ኩሉ ግዜ ክንሓዝንን ክንትክዝን ኣብ ሊዕሊ ህወሓት ጽልኢ ክንሕድር እዮም ዝድልዩ ዘለው፡ንሓደ

ቁስሊ ኩሉ ግዜ ብእድካ ክትሓኮ እንተ ኮንካ ክድሚ ስለ ዝኮነ ፡ከምቲ ንጓህሪ ብኢድካ ምስ ትሕዞ ዝቅጽለካ እናተቃጸልና ክንነብር ስለ ዘይግባእን ካልእ ካባኡ ዝዓቢ ሓድጋ ናይ ሞትን ሕዮትን ኣንጻላልዩና ስለ ዘሎ መትሓዚ ገርናሉ ኣሎና፡ ግዜ እዩ ዝፍውሶ።

ዶክቶር ተስፋጸን መድሃኔ ከይጠቀስዎ ዝሓለፉ ዝዓብየ ጉዳይ ተሳትፎ ህወሓት ኣብ ሽድሽይ ወራር ኣዩ፡ደርግ ንህ.ግ ንሓዋሩ ክድምስስ ተደጋጋሚ ሰፋሕቲ ወራራት ኣብ ዘካየደሉ እዋን ፡ተጋደልቲ ህወሓት ኣብ ጎድኒ ተጋደልቲ ህ.ግ ብምስላፍ ነቲ ባዕዳዊ ወራሪ ሓይሊ ከምዝመከቱን ብኣሽሓት መስዋእቲ ከምዝከፈሉን ማንም ስብ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ፡ምክንያቱ ህልውናን ቀጻልነትን ናይ ክልትኦም ውድባት ፈላሊካ ዝረኤ ኣይኮነን ነይሩ፡ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ናይ መቀለ ዑደቶም ኣብ ዘስምዑዎ ቃል “ዝምድና ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን ናይ ነዊሕን ብደም ዝተመስረተ እዩ ዝበሉ” እዚ ሓቂ'ዚ መርኩስ ብምግባር ኣዩ። ኣይተ ስብሓት ነጋ ዝሃብዎ መደረ ብዓይኒ ህወሓት ክልትኦም ውድባት ኤርትራ ምስ ደርግ ብማእከልነት ምስራቅ ጀርመንን ናይ ቀደም ሶቭየት ሕብረትን ዘተ ጀሚሮም ነይሮም እዮም፡ነዚ እዮም ክኣ ኣይተ ስብሓት ክልትኤን ውድባት ሽብርክ ኢለን ነይረን ዝበሉወን።እንተ እቲ ዝኮነ ውራር ብፍላይ ካብቶም ትምክሕተኛታት እንጻር ኤርትራ ምስ ዝፍኖ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኖም ክምክትዎ ድልዋት ምኻኖም ዝገለጽዎ ነቶም “ቀይ ባህራችን ዓሰብ ወደባችን “እናበሉ ዝፍክሩልና ዘለው ንስሜን ገጾም ወራር  ምስ ዝፍትኑ ጥፋትን ዕንወት እምበር ረብሓ  ከምዘይብሎም ከይዝንግዕዎ ተባሂሉ ዝተኣመተ እዩ።

ቀዳማይ ምዕራፍ ዕላማ ወያኔ ንደርግ ምውዳቅ እዩ ነይሩ ይብሉ ዶክቶር ተስፋጸን ፡ እዚ ኣባሃህላ እዚ ጥቃ ሓቅነት ዘይቀርብ ንገዛእ ርእሱ ነቲ ህዝባዊ ወያኔ ሓርነት ትግራይ ዝብል ሽም ዝጻረር እዩ። ወያኔ ክሳብ 1990 ንውጹዕ ህዝቢ ትግራይ  ነጻ ከውጻኡ ክምዝተቃለሱ ኩሎም ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝፈልጥዎ ሓቂ እዩ።

<u>ጉዳይ ሃገራዊ ዋዕላ</u> ፡

ብዛዕባ ማኒፈስቶ ካስልን ክግበር ዝሕስብ ዘሎ ሃገራዊ ውዕላ ዶክቶር ተስፋጸን መድሃኔ ክምዚ ዝስዒብ ይብሉ “ እቶም ሰለስተ ዝሰምሩ ዘለው ውድባት

ንሃግራዊ ዋዕላ ከምዘይድግፉ ይግልጹ “፣ ቀጺሎም ኣብዚ ክግበር ተሓሲቡ ዘሎ ሃገራዊ ውዕላ እታ ብዶክቶር ተስፋጸን ዝተምርሔት ሽማግለ ካስል ዘውጸኣቶ ማኒፌስቶ   እንተ ዘይተጠቅሞም “ፅረ ዕዮ ፡ፅረ ደሞክራሲ ፡ካብ ክሕደት ሃገር ኣብ ዘይንእስ ተግባር ዝተዋፈሩ ፡ቀጺሉ ነዛ ሰነድ’ዚኣ ምቅባር ድሑርን ዘይሓላፍነታዊን ታሪካዊ ገበን እዩ ይብሉ” እዚ ናይ መበል 21 ክፍለ ዘመን ሓዲሽ ቛንቛ እዩ ዝመስል ፣ ብሓይሊ ኣነ ዝጸሓፍኩዎ እንተ ዘይተቀቢልኩም ምስ ክሕደት ሃገር ክዛመድ ኣለዎ ምባል ዘገርም እዩ።

ዶክቶር ተስፋጸን መድሃኔ ነታ ናይ ካሰል ማኒፌስቶ ምስ ሕጊ መንግስቲ ኤርትራ ናይ 1952ን ምስ ናይ ተሓኤ ናይ 1971 ሃገራዊ ጉባኤ ማኒፌስቶ ብምዝማድ ታሪካዊት ሰነድ እያ ዝበሉ ፡እተን ክልተ ሰነዳት ማለት ሕጊ መግስቲ  ኤርትራን ናይ ተሓኤ ሃገራዊ ጉባኤ ማኒፌስቶ  ብምስሪሕ ተፈቲነን ዝሓለፋ ስለ ዝኮና ታሪካውያን እየን፣ብፍላይ ናይ ተሓኤ ናይ 1971 ሃገራዊ ጉባኤ ማኒፌስቶ፣ ሰውራ ኤርትራ ንመጀመርያ ግዜ  ጸላእትናን ፈተውትናን ብኑጹር ንዓለም ዝገለጸሉን ከሞኡ’ውን ኣብ መንጎ ተጋደልትን ህዝብን ዝነበረ ዝምድናታት ዝተመሓየሸሉ መድረክ እዩ ነይሩ። ብዛዕባ ማኒፌስቶ ካስል ክንደይ ውድባት ከምዝፈረማሉ ስለ ዘይገልጽ ኣገባብ ሕጋውነቱ እውን ብዘየገድስ  ቁኑዕ ሰነድ ምስዝክውን ቁኑዕ ሕልና ዘለዎ ስብ ክቅበሎ ይግባእ፣እንተኮነ ማኒፍስቶ ካስል ብቀጥታ ኣንጻር ትሕዝቶን መንፍስን ማኒፌስቶ ተሓኤ  1971 እዩ፣ ምኽንያቱ ኣብ ገጽ 34 ማኒፌስቶ ካስል ከምዚ ዝስዒብ ይብል “ ብረታዊ ቃልስና ብዝተሓላለኸ ምስርሕ ተሓሊፉ ፡ኣብ መወዳእታኡ  ብዓብላልነት ጥራሕ ዘኮነስ ብገባተነት ህ-ግምባር  ነጻነት ተባሂሉ ዝዝረበሉ ምፍላይ ኤርትራ  ካብ ኢትዮጵያ ተረጋገጸ”ይብል፣ነዚ ስነድ ዚ ከኣ እዮም እንተዘይተቀበልኩም ሃገራዊ ክድዓት ፈጺምኩም ዝብሉና ዘለው።

ኣብ መደምደምታ ንኩሉ ኤርትራዊ ተቃላሳይ ደላይ ሰላምን ፍትሕን ክፈልጦ ዘለዎ ፡እዘን ሰለስተ ውድባት ሰህኤ፣ ሰደኤ. ህምኤ  ንጹር ዝኮነ መርገጽ ዘለወን ፣ ንሓድነት ህዝብን መሬት ኤርትራ ዝኣምና ፣ ፍልልይ ሃይማኖትን መንግስትን ብመትከል ዝቅበላ ፣ መሬት ናይ ህዝቢ ምዃኑ ዝኣምና፣ብምርጫ ህዝቢ ዝቀውም ደምክራስያዊ  መንግስቲ ዝቅበላ፣እየን።

ዝክሪ ንስዉኣትና

ውድቀት ንህግደፍ.

9/28/09

ሓበረታ

ብዕለት 27/9/2009  ኣብ ኒውዮርክ ብሚስተር ዑስማን ሳልሕ ዝተመርሔ ኣኼባ ህዝቢ ተካፊለ ስለ ዝነብርኩ ፡ ኣቶ የማነ ገብረኣብ ሓላፊ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ በኣካል ተረኪቡ ስለ ዝነበረ ፧ነቲ ኢሉዎ ዝበሃል ዛዕባ ምርጫ ሕቶ ኣቕሪበሉ ዝሃቦ ምላሽ ኣብ ዝቕጽል ከብረሆ እየ።

Kgrenet@yahoo.com.